NATIONALER ZUKUNFTSTAG
Seitenwechsel für Mädchen und Jungs

# ሃገራዊ መዓልቲ መጻኢ - ቀንዲ ኣገዳሲ ሕጽር ዝበለ

ኣበርክቶ ናይ ክፉትን ካብ ጾታ ዘይጽግዕተኛን መደብ ሞያን ሕይወትን ንተመሃሮ ቀንዲ ዕላማ ናይ ሃገራዊ መዓልቲ መጻኢ እዩ። ስለዚ ኣብ መዓልቲ መጻኢ ማእታት ትካላት፣ ወባት፣ ሞያወያን ቤት-ትምህርታት (Berufsfachschulen) ከምኡ'ውን ኮለጃት ኣብ ምሉእ ስዊዘርላንድ ክኽፈቱ እዮም። ኣዋልድን ኣወዳትን ናይ ክፍሊ 5 ክሳብ 7 ንዝምልከቶም ሰባት ኣብ ስራሕ መታን ክሳንዩ ወይ መታን ኣብ ማረኽቲ ፍሉያት ፕሮጀክታት ክሳተፉ ተዓዲሞም እዮም። በቲ ጭርሖ «Seitenwechsel» (ቅያር ወገን) ካብ ጾታ ዘይተመርኮሰ ሞያታት፣ ናይ ስራሕ ዓውድታትን ታሪኻትን ትረኽቡ ኢኹም ከምኡ'ውን መኣት ኣማራጺታት ከምዘለኩም ክትሞክሩ ኢኹም።

ኣብ ክፍልታት 5 ክሳብ 7 ውን ወላድ ዃል ወይ ወዲ ኣላትኩም/ኣለኩም ዶ? ሽው ዕድል ተጠቐሙ፣ ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ኣብ መዓልቲ መጻኢ ንክትሳተፉ ኣለው፥

## 1. መሰረታዊ ፕሮግራም፥ ኣዋልድን ኣወዳትን ንሓደ ዝምልከት ሰብ ናብ ስራሕ የሰንዩ እዮም።

ኣብ ምርጫ ዝምልከት ሰብ እቲ Seitenwechsel ኣብ ማእኸል እዩ ዘሎ። ግና ብዙሓት ኣማራጺታት ኣለው፧ ን.ኣ.፥

- ኣዋልድ ነቦታተን፣ ኣወዳት ነደታቶም (ወይ ን ካልእ ዝምልከት ሰብ) የሰንዩ፣
- ኣዋልድ ንሓደ ኣብ ዕብይ ዝበለ መጠን ሰብኡት ዘለዎ ሞያ ዝሰርሕ ሰብ የሰንያ እየን፣ እቶም ኣወዳት ከኣ በቲ ኣንጻር ወገን ንሓደ ኣብ ዕብይ ዝበለ መጠን ኣንስቲ ዘለዎ ሞያ ዝሰርሕ ሰብ እዮም ዘሰንዩ።

## 2. ፍሉይ ፕሮጀክታት፥ ኣዋልድን ኣወዳትን ኣብ ፍሉይ ፕሮጀክት ብምርጫኦም ይሳተፉ እዮም።

ብዙሓት ትካላት፣ ወድባት ከምኡ'ውን ቤት-ትምህርታት ሞያን ኮለጅን ኣብቲ መዓልቲ መጻኢ ፍሉያት ፕሮግራማት የካየዱ ከምኡ'ውን ኣዋልድን ኣወዳትን ይዕድሞዎም፧ ዘይንቡር ዓውድታት ስራሕ ምእንቲ ክረገግጹ። ወላድኩም ዋላ ኣብ ሓደ ፍሉይ ፕሮጀክት ክሳትፍ እንተ ደልዩ፣ ከምቲ ዝስዕብ ክትቕጽሉ ትኽእሉ፥

- ሓፈሻወያን ሓበሬታታት ብዛዕባዞም ፕሮጀክታት ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ፥ "[ፍሉያት ፕሮጀክታት ንኣዋልድ]" ወይ "[ፍሉያት ፕሮጀክታት ንኣወዳት]"።
- ኣብ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ጓልኩም ወይ ወድኹም ንሓደ ፍሉይ ፕሮጀክት ኣብ ዝቕመጠሉ ዞባ/ካንቶን ክምዝግቡ ይኽእሉ እዮም፥ http://www.nationalerzukunftstag.ch/de/angebote/

### ተግባራወያን ሓበሬታታት ብዛዕባ ተሳትፎ፥

**ኣብ ትካልኩም**
ወላድኩም ኣብ መዓልቲ መጻኢ ናብ ስራሕ ክትማልኡ ከምትኽእሉ ኣብ ትካልኩም ኢኹም ሕተቱ ከምኡ'ውን ብድሕሪኡ መሳርሕትኹም ሓብሩዎም ኢኹም። ኣብ ብዙሓት ትካላት እቲ መዓልቲ መጻኢ ድሮ ጽቡጥ ኣካል ናይ ፕሮግራም ዓመት ኮይኑ።

**ኣብ ቤት-ትምህርቲ**
እቲ ክላስ ኣብ መዓልቲ መጻኢ ንክሳትፍ ክምድብ እንተኾነ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሕተቱ ኢኹም። እንተዘይኮነ ሓደ ንቆልዓኹም ዝኾነ Dispensationsgesuch (ሕድገት ፍቓድ) ዝብሃል ሰነድ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከከምካንቶን [ዝተፈላለዩ ኣድላይነታት ተሳትፎ/ብቕዓት]ኣለው። ንኣብ መዓልቲ መጻኢ ክሳትፉ ዘይክእሉን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝተርፉን ቆልዑ፣ ናይ ወሽጢ ቤት-ትምህርቲ ፕቶጀክታት ኣለው።

- እቲ Dispensationsgesuch (ሕድገት ፍቓድ) ዝብሃል ሰነድ ኣብዚ ኢኹም ትረኽቡ፥ http://www.nationalerzukunftstag.ch/fileadmin/files/Dispensationsformular_18.pdf

**መደብ ናይቲ መዓልቲ ፕሮጀክት**

ቅድሚመዓልቲ መጻኢ ቆልዓኹም ኣየኖት ብዓሉ ክገብር ዝኽእል ስራሓት ድሮ ሕሰቡሉ ኢኹም። ከምባዕልኻ ክትሓባብር ደስ ዘብል የለን! እዚ ውን ንእስ ዝበሉ ስራሓት ክኾኑ ምኽኣሉ፣ ከም ምዕዳል ፖስት፣ ምልጋብ ማሕተም፣ ምግባር ቅዳሓት፣ ምግዛእ Znüni (ጠዓሞት) ከምኡ'ውን ናውቲ ምምጻእ። **ዝርዝር ቀጽጽር** ነቲ ውድብ መዓልቲ ኣብዚ ተቐሪቡልኩም ኣሎ።

**ቃለ መጠይቕ**

መሳርሕትኹም ካብ ቆልዓኹም ንክሕተቱ ድሉውቲ ክምዝኾነ /ት ሕተቱዎ/ዋ ኢኹም። እብ መዓልቲ መጻኢ ኣዋልድን ኣወዳትን ዓውዲ ናይቶም ክግበሩ ዝከኣሉ ሞያታት ከመይ ዓብይ ከምዝኾነ ክፈልጡይግብኦም። ስለዚ ብቐጥታ ብመዳይ ቆልዓኹም ሓደ ሕድሽ ዝበለ፣ ጓና ወይ ዘይንቡር ሞያ ዝሰርሕ ሰብ ምረጹ ኢኹም። ኣብዚ ከኣ ኣብነት ቃለ-መጠይቕትረኽቡ ኢኹም።

**ንመዓልቲ መጻኢ ዝኾነ ሰነድ መጠይቕ**

ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ፕሮጀክት እቲ ሰነድ መጠይቕ ናይ መዓልቲ መጻኢ ብቆልዓኹም ይምላእ ድሓር ንሱ ናብ Geschäftsstelle des Nationalen Zukunftstags(ጨንፈር ጉዳይ ሃገራዊ መዓልቲ መጻኢ) ስደዱ ኢኹም።